# ወርሓዊ ድራር መኸተ፡

ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ንጽንብል እታ ዓባይን ክብርትን ሃገራዊት በዓል ናጽነትና ከማዕርግ፡ ከጸብቐ፡ ከድምቐ፡ ኩሉ ዘዝከኣሎ ክውፈ፡ ስነ-ጥበባዊ ኪኢላዊ ዓቕሚም ክዋፈር፡ ተሳታፍነቱ ከዕዝዝ፡ ፋሕተርተር ክብል ኮሎ፡ ጎድኑ ንጎድኑ ድማ ምስ ምኽፋት ቅነ-ጽንበል መኽፈቲ መበል 20 ዓመት ናጽነትና፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ቕነ፡ ወርሓዊ ድራር፡ ግንቦት 21 ኣብ ማእከል ኤርትራውያን ብርክት ዝበሉ ዜጋታትና ዝተረኸብሉ፡ ድሙቕ ናይ ድራርን ባህላዊ ትልሂትን ምሸት ተኻይዱ። ነቲ ድራር ዝወደበት "ጋንታ ናጽነት" ክትከውን ከላ፡ ብኣዴታትን ኣቦታትን ዝቖመት ጋንታ፡ ብሓባር ንልዕሊ ሰላሳ ዓመት ብስም ማሕበር ዋይት ሃውስ ብሓባር ብሓድነት፡ ብድልዱል ሃገራዊ እምነት ዝልለዩ ዜጋታት ዝሓቖፈት፡ ካብ ዓሰርተ ፍቕዲ ንጽል፤ ሎሚ ተራቢሓ ኣርባዓታት ዝገማገም ቁጽሪ ኤርትራዊ ስድራታት ዝፈረዩ ዓባይ ደምበ ኮይኖም ዘለዉ ዜጋታት እዮም። ሰስኑልና ኸኣ ንብሎም። ነቲ ድራር ንምድማቕን ንምጽባቕን ድማ ኩሉ ዝተማልአ ምድላዋት ቐሪቦም፡ ይበል ዘብል ትሕዝቶ ዝነበሮ ውራይ ከኣ ኔሩ።



## ማሕበር ዋይት ሃውስ--ኣዳለውቲ ድራር መኸተ!

ኣብ'ዚ ምሸት እዚ፡ እቲ ፍሉይነት ናይ'ታ ምሸት፡ ኣብ ቅነ ጽንብል ናጽነት፡ እቲ ንናጽነት ዘረጋገጸ ጽንዓት፡ መኸተ ወለዶታት ምስ ዝኾነ ውራያትና ጎድኒ ንጎድኒ ተዛሚዱ ዝኸይድ ኣካል ናቱ ብምኳኑ'ዩ፡፡ ምኽንያቱ እቶም ሓይልታት ዓመጽ፡ ገና ህላውነትናን ቐጻልነትናን ንምኹላፍ ተንኮላት ካብ ምፍሓስ ዓዲ ስለ ዘይወዓሉ፡ ካልእ ሜላታት ካብ ምእላም ስለ ዘይተቖጠቡን፡ ንሕና እውን ስራሕና ክንሰርሕ ስለ ዘሎናን፡ ከይተዛነና፡ ነቲ መንፈስ ናጽነት ንዝያዳ ባይታ፡ ንቐጻሊ ድፊኢት ስንቂ እንሰንቀሉን፡ ምትሕቑቛፍ ድማ ድርብ ፌስታን ቁም-ነገርን ዝነበሮ ድራር እዩ ኔሩ።



ነዚ ዝቕጽል ተሪፉ ዘሎ ሸመንተ መዓልታት ጽቕጽል ጽንብል መደባት ናጽነትና
ድማ፡ ብኻልእ መደባት ደሚቑ ክሓልፍ እናተመነና፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሓዊ
ድራርና፡ ምስ እትቕጽል ጋንታ “ ጋንታ ዓዋተ” ኣብ ሰላም የራኽበና።
ዕለት 18 ሰነ 2011 ክዳሎ እዩ። ቦታ ኣብ ማእከል ኤርትራውያን፡ 600 L Street.

ዓወት ንሓፋሽ!
ርሑስ በዓል ናጽነት!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ዋሺንግቶን ዲሲን ከባቢኣን።